**ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ** الإنقاذ الوطني الارتري حيدرى

*NATIONAL SALVATION ERITREA – HIDRI*

<u>መግለጺ ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ</u>

ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ሳላስ ዓመታት ዘሕለፎ መሪር ቓልስን : ኣሸሓት መስዋእትነትን ስንክልናን ከፊሉ ዘረጋገጾ : ናጽነትን ልዕላውነት ሃገርና :ውልቀ መላኪ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ: ሕጂውን ከም ኣመሉ ስልጣኑ ከናውሕን ዕላምኡ ኸዕውትን: ንልዕላውነት ሃገርና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣሳጢሑ : ንወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ከጽንት : ምኽልኻል ሓይልታት ኤርትራ ስግር ዶብ ሊኢኹ ኣብ ዘይምልኸቶ ኲናት ሽሚሙ ኣደዳ : ሞትን መቑሰልትን ኮይኑ ይርከብ ::

እቲ ብዕለት 4 ሕዳር 2020 ኣብ ሞንጎ ክልል ትግራይን ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተኸስተ ኣዕናዊ ኲናት : መበገሲኡ ቅዋማውን :ፖለቲካውን ስለዝኾነ፡ ፖለቲካዊ ፍታሕ ክግበረሉ ንጽውዕ።

ምልካዊ ሰርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ (ህግደፍ) ንሃገርና ናብ ባዕዳውያን ሓይልታት ኣሕሊፉ ብምሃቡ ንኹንኖ: ልዕላውነት ሃገርና ምድፋሩ ከስዕቦ ዝኽእል ናይ ዳግማይ ጎበጣን መግዛእትን ሓደጋ ስለዝኾነ : ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዝቐልጠፈ ግዜ ካብ መላእ መሬት ኤርትራ ንኽወጽእ ህዝብናን ማሕበረ ሰብ ዓለም ጸቕጥታቱ ከሐይል ንጽውዕ።

ምኽላካል ሓይልታት ኤርትራን : ፈደራልን ኢትዮጵያ ብዝፍጽሞዎ ዘሎዉ ቅትላት ሰለማውያን ሰባትን :ዕንወት ሲቪላዊ ትካላትን ፣ ኣጸያፊ ስርሓት ስርቂ ንብረትን ፣ምዝማት ጥሪትን ውልቀ ሰባት ኣትሪርና ንኹንኖ::

ምኽልኻል ሓይላታት ኤር ትራ ብዘይ ውዓል ሕደር ካብ መሬት ኢትዮጵያ ክወጽእ ንጽውዕ::

ብሰንኪ ምሕደራ መላኪ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ :ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ግፍዕን ጭኾናን : ገደብ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎትን :መሪሩዎ ክስደድ ተገዲዱ ከይኣክል :ኣብ መደበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ክልል ትግራይ (ኢትዮጵያ) ምኽልኻል ሓይሊ ኤርትራ ዶብ ሰጊሩ ዝወስዶ ዘሎ ቅንጸላን፣ መጨወይትን፣ ግፍዕን ራዕድን፣ ምኽልባትን፣ጥሕሰት ዓለም ለኻዊ ሕጊ ፈጺሙ ስለ ዘሎ :ንየሕሊፉ ዝሃቦም ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ንጽውዕ::

ንኣህጉራውያን ማሕበራትን፣ሕቡራት መንግስታት ዓለምን፣ ግብረ ሰናይ ትካላትን : ንሂወት ስደተኛታት ንምድሓንን ህጹጽ ረዲኤት ከበርክቱ ነማሕጽን ::

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!
ውድቅት ንመላኪ ስርዓት !!
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዋትና !!

ቤት ጽሕፈት ዜና ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ::
27 ታሕሳስ 2020